# ፕሮጀክት ማእኸል ዝገበረ ልምዓት ኣብ ትግራይ
# 2006

ናብ ቀዳማይ ማ.ል.ት ኮንፈረንስ ዝቐርብ ናይ ጨንፈር ላስቬጋስ ሓጺር ሪፖርት

ልምዓታዊ ምንቅስቓስ ኣብ ላስቬጋስ ካብ ዝጅመር 13 ዓመታት ገይሩ እዩ። ይኹን ደኣምበር ናብ ሕዚ ዘሎ ብርኪ ንምብፃሕን ፕሮጀክት ማእኸል ዝገበረ ልምዓት ክንሕዝን ዘብቀዐ ግና ናይ'ቲ ዝነበረ ኣሰራርሓ ድኽመታትን ካብ ቁፅፅር ወፃኢ ዝኾኑ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ቅልውላዋት ተፈጢሮም ነቲ ማሕበር ናብ ደውታ ስለዘምፅእዎ እዩ።

ዝኾነ ነገር ይፈጠር ግና ናይ ኩሉ ትግራዋይ ከቢድ ትኹረት ዘድልዮ ጉዳይ ናይ ህዝብና ሱር ዝሰደደ ድኽነትን ድሕረትን እዩ። ብፖለቲካ ኣፈላላይ ይኹን ብኣረኣእያ ዘይምጥዓዓም ክቕየር ዝግበኦ ናይ ልምዓት ጉዕዞ ክህልወና ኣይግባእን። ናይ ልምዓት ስራሕቲ ኩነታት ምስተቐየሩ ዘይቕየር ውልቀሰባት ምስገደፍዎ ደው ዘይብል ዘልኣለማዊ ኢንስቲትዩሽን ክኸውን ኣለዎ። ነዚ ይ'ውን ኣብዚ ኮንፈረንስ ቃል ክእተወሉም ካብ ዝግባእ ጉዳያት ሓደ ክኸውን ኣለዎ።

ካብ'ዙይ ቀፂሉ ኣብ ዲሰምበር 2004 ድሕሪ ናይ 9 ኣዋርሕ ምስ ማእኸላይ ቤት ፅሕፈት ኢ-ሜይል ምልልስ ናብ ምርድዳእ ብምብፃሕ ብሽም ላስቬጋስ ተጋሩ ቤት ትምህርቲ ናይ ምስራሕ ፕሮጀክት መደብ ክንሕዝ ከምንኽእል ምስተፈቐደልና ነቲ ኣባልን ደጋፊን ናይ ምልዓዓል ዓቕሚ ፈጢርና ምንቅስቓስ ጀሚርና። ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት $27 ሽሕ ኣኪብና ብምልኣኽ እነሆ እቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ምምሃር ተግባራቱ ኣብዙ ዝመፅእ መስከረም 1999 ዓ.ም ንኽጅምር ንራባረብ ኣለና።

ናይ'ዙ ፕሮጀክት ማእኸል ዝገበረ ልምዓት ፈላሚ ኮንፈረንስ ቀንዲ ዓላማ ንዘለውና ድኽመታት ከይደገመ ዘመናዊ ኣሰራርሓ ተኸቲሉ ዓድና እነልመዐሉ ተግባራዊ ክኸውን ዝኽእል ኣካይዳ ክቕይስ እንተኽኢሉን ናይ'ቶም ህፃውንቲ ናይ ቅዲሚት ተስፋ ኣፋፍኖት ክህልዎ ዝሕግዝ ኣሰራርሓ እንተጨቢጡ፡ ዕዉት ይኸውን።

ዝኽበርኩም ተሳተፍቲ'ዚ ኮንፈረንስ ኣስዒበ ኣገደስቲ ዝብሎም ነጥብታት ከቕርብ።

- ዓቕሚ ኣብ ግምት ዘእተወ ውሱን ዝኾነ ፕሮጀክት ኣብ ሓደ እዋን ምፍፃም
- ብጣዕሚ ጠንካራን ፕሮፌሽናሊዝም ዝዓሰሉን ናይ ርክብ ማእኸል ኣብ ትግራይ ክህሉ ምግባር መማረፂ ዘይብሉ ናይ ቅልጡፍ ዕብየት መረጋገፂ ምኳኑ ምፍላጥን ንተግባራዊነቱ ምጉያይን ግዜ ዘይህብ ጉዳይ እዩ። ጨናፍር ምስ ማእኸላይ ቢሮ ዝራኸቡሉን ፕሮጀክትታቶም ዝከታተሉሉን ጠቕላላ ዕለታዊ ርክባት ዝፍፀሙሉን ፕሮፌሽናል ዌብ ሳይት ምህላው'ውን ግድን ስለዝኾነ'ዩ።
- ናይ ገንዘብ ኣተሓሕዛ ፅፈት ብፍላይ ኣብ ጨናፍር ሕጋውነት ዝተላበሰ ክኸውን ምግባር። ናይ ህዝቢ ገንዘብ ውልቀሰባት ከምድላዮም ከይገብሩዎ ዝሕሉ ኣሰራርሓ ምህላው ብጣዕሚ ኣገዳሲ ጉዳይ ምኳኑ ተፈሊጡ መፍትሒ ምግባር።
- ካብ ኩሉ ድማ ካብ ብዙሕ ምዝራብ ንኡሽተይ ናይ ምስራሕ ልምዲ ምሕላፍ።

ኣብርሃም ተኽሉ 7/7/2006